# ቤተ ክርስትያን ሓንቲ፥ ቅድስቲ፥ ካቶሊካዊት፥ ሓዋርያዊት እያ

**ሰያትል** 11/18/2011

## ሓዲስ ት/ክ 811-870

ካብ እዋን ሓዲስ ኪዳን ጀሚሩ ክሳብ ኣብዚ እዋና ዘሎ ቤተ ክርስትያን ወላ እውን ክብኒ ለጠቕኒ እናበለ ይኺድ እምበር ንርእሳ ከም "ሓንቲ ቅድስት ካቶሊካዊት ሓዋርያዊት" ምኻና ገሊጻ። እዘን ቃላት ኣብ ኩሎም ቀዳሞት ጉባኤታት ኣብ ጉባኤ ኒቅያ፥ ቍስጥንትንያ ኣብ ራብዓይ ክፍለ ዘመን ሎሚ ኸአ ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት ክንደግም ከሎና ንደግሞም።
ካብ መጀምርያ እምብኣር ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ብፍሉይ ምልክታት እታ ሓቀኛ ቤተክርስትያን ምኻና ዘፍልጥ ኣልኣ። ኣብ እምነትና እምብኣር ሓንቲ፥ ቅድስት፥ ካቶሊካዊት፥ ሓዋርያዊት ቤተክርስትያን ኢልና ንኣምን። እዚ ኣርባዕተ ዓይነትና ምልክታት ዘይነጻጸልን ዝተኣሳሰረን እዩ። ኣርባዕቲኡ ምልክታት ናይ ቤተ ክርስትያን ቀንዲ መልክዕን ተልእኮን ዘመልክት እዩ። እዚ ምልክታት ኢየሱስ ክርስቶስ ብመንፈስ ቅዱስ ገሩ ዝሃባ ምልክት እዩ።

### <u>ሀ. ሓንቲ፡</u>

ቤተ ክርስትያን ሓንቲ እያ ክንብል እንከሎና በቲ ምንጫ ምኽንያት ሓንቲ እያ። ኣብ ቤተ ክርስትያን ክልተ ዓይነት ሓድነት ኣሎ፡

1. ናይ እምነት ሓድነት፡(Unity of Faith) ኩሉም ኣብ ትሕቲ ቤተ ክርስትያን ዝኾኑ ሓደ ዓይነት እምነት ብቤተ ክርስትያን ዝተዋህቦም ይኣምኑ።
2. ሓድነት ናይ ሱታፌ ኅብረት (Unity of Communion) ምእመናን ኩሎም ኣብ ትሕቲ ስልጣን ናይ ሮማ ጳጳስ እዮም። እዚ ኣብ መንጎ ኣባላት ቤተ ክርስትያን ዘሎ ምሕዝነታዊ ርክብ ኣብ ኩሉ ኣብ መንግእም ዘሎ ምሕዝነታዊ ርክብን ከምኡ ኩሎም ኣብ ሓደ ዓይነት ምስጢራትን ኣብ ኩሉ ስርዓት ኣምላኾን ከም መታሓላለፍቲ መልከታዊ ጸጋ ስለ ዝኻፈሉ ሓድነት ኣልኦም።

ምንጪ ሓድነት ቤተ ክርስትያን ኣብ መንጎ ቅድስት ስላሴ ዘሎ ሓድሕዳዊ ርክብ እዩ።

ሀ. ቤተ ክርስትያን ሓንቲ እያ ምኽንያቱ መስራቲኣ ሓደ ክርስቶስ ስለ ዝኾነ (813)።

ለ. ቤተ ክርስትያን ብምኽንያት ነፍሳ ሓንቲ እያ። መንፈስ ቅዱስ ባዕሉ ኣብ መንጉኣ ሓዲሩ ነቲ ኩሉ ዘልአ ባዕሉ ስለ ዝህባ ንሱ ምንጫ ስለ ዝኾነ ሓንቲ እያ። ሓድነት ናይ ቤተ ክርስትያን ዅነት ወይ መለለዪ እዩ። ሓንቲ ቤተ ክርስትያን ብክርስቶስ ዝተሰርዔት ኣላ፥ ሓንቲ ጥራሕ ኣይኮነትን እንኮ ሓንቲ ንሳ ጣራሕ እያ። ቅ. ጳውሎስ ነዚ ሓድነት እዚ ክገልጽ ኢሉ እንኣምኖ "ከምቲ ንሓደ ዝተጸዋዕኩምዎ ሓደ ሰብነት፥ ሓደ መንፈስ ኣሎ፥ ሓደ ጎይታ ሓንቲ እምነት፥ ሓንቲ ጥምቀት ኣሎ" (ኤፌ. 4፡4~5) ይብል። ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ብብዙሕ መገዲ ምስ ካልኦት ኣብያተ ክርስትያናት ዘራኽብ ኣልአ። እዞም ካልኦት ክርስትያን ናይ እታ ቅንዕትን ሓንትን ቤተክርስትያን ምልክታት ኣይውንኑን እዮም። እቲ ንሶም ዘልኦም ምልክታት ወይ ዓይነት ብመጠኑ እምበር ብምልኣት የብሎምን። በቲ ዘልኦም እምነት ኣባላቶም ኣብታ ሓንቲ ቤተ ክርስትያን ብክርስቶስ ዝተመስረተት እቲ ርኡይ መራሒኣ ናይ

ሮማ ጳጳስ ዝኾነት ኣብአ ይሳተፉ። እዚ ክንብል ከሎና ግን ምስ ክርስቶስ ርክብ የብሎምን ማለትና ኣይኮነን።

ናይ ክርስቶስ ቤተ ክርስትያን ብምልአት ኣብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ይርከብ፥ ንሳ ብተኸታሊ ጴጥሮስ ዝኾነ ብናይ ሮማ ጳጳስ ምስ ካልኦት ጳጳሳት ብምሕባር ትምራሕ። ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ብምልኡ ናይ ክርስቶስ ዝኾነ ዝሓዘት እያ። ንሱ ዝገለጾ፥ ምስጢራት ንሱ ዝሰርዖ፥ ኣብ ምድሪ ዝሃቦ ስልጣን ብምልኡ ብናይ ሮማ ጳጳስ ተመሪሓ፥ ኣብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ይርከብ።

ጳጳስ ሮማ ወካሊ ክርስቶስ እዩም፥ ንሶም ወራሲ ጴጥሮስ ኮይኖም ርኡይ ሓላፊ ቤተ ክርስትያን እዮም። ኣብዚ ዓለም ናይ ዘላ መላእ ቤተ ክርስትያን ሓላፊ ንሶም እዮም። ንሶም ጓሳ ናይ ኩሎም ህዝበ እግዚኣብሔር ኮይኖም ናይ ኩሉ ምምእመን ጽቡቕ ነገር ዝጣበቑ ከምኡ ናይ ኩለን ኣብያተ ክርስትያናት ሓላዊ እዮም። ስለዚ ንሶም ዝለዓለ ስልጣን ኣብ ልዕሊ ኩሎም ምእመናንን ኣብያተ ክርስትያንን ንእምነት፥ ንሞራላዊ ነገራት ከምኡ ንስርዓት ኣምላኾ ብዝርኢ ዝለዓለ ስልጣን ኣልኦም። እዚ ኸአ ኣብቲ ክርስቶስ ንጴጥሮስ ዝበሎ መሰረት ብምግባር እዩ "መርኖታት መንግስተ ሰማያት ድማ ኽህበካ እየ፥ ኣብ ምድሪ ዝኣሰርካዮ ኣብ ሰማይ እሱር ክኸውን እዩ፥ ኣብ ምድሪ ዝፈታሕካዮ ኣብ ኣብ ሰማይ ፍቱሕ ኪኸውን እዩ" (ማቴ 16፡19)። እዚ ተስፋ እዚ ብጴጥሮስ ኣቢሉ ንኹሎም ብድሕሪኡ ዝመጹ ተኸተልቱ ተዋሂቡ።

ቤተ ክርስትያን ካብ መጀመርያ እዛ ሓንቲ ቤተ ክርስትያን ካብ እግዚኣብሔር ዚመጽእ ዝተፈላለየ ህያባትን ካብቶም ዝተፈላለዩ ኣባላታን ዓይነተኛ ዝኾነ ምልክት ኣለዋ። ኣብ መንጎ ኣባላት ቤተ ክርስትያን ዝተፈላለየ ሃባትን መገድን ሕይወትን ሃለዋትን ኣሎ። ኣብ ሱታፌ ቤተ ክርስትያን ግቡእ ቦትኤን ዝሓዛ ከንሰን ነናይ ውልቀን ፍሉይ ትውፊትን ልምድታትን ዝዕቅባ ኣብያተ ክርስትያን እውን ኣለዋ። ከምዚ ዓይነት ብዝሓትን ዓበይቲ ሃብትታትን ምስ ናይ ቤተ ክርስትያን ሓድነት ዝገራጮ ኣይኮነን።

ንሓድነት ኣጽኒዑ ዘቐጽሎ ዘሎ እንታይ እዩ? ፍቕሪ እያ። በዚ ዝስዕብ ናይ እዛ ነጋዲት ዝኾነት ቤተ ክርስትያን ሓድነት ክንርኢ ንኽእል።

1. ካብ ሓዋርያት ንዝተቐበለታ ሓንቲ እምነት ምምሕልላፍ።
2. መለኮታዊ ኣምልኾ ብፍላይ ምስጢራት ብኅብረት ምፍጻም።
3. ኣብታ ስድራ ቤት ኣምላኽ ኅውነታዊ ስምምዕ ንምሕላው ብምስጢረ ክንህነት ዚግለጽ ሓዋርያዊ ምክትታል።

## ንሓድነት ዝጎድእ ቍስልታት፡

ኣብዛ ሓንቲ ቤተክርስትያን እግዚኣብሔር ካብ መጀመርያ ኣትሒዙ ሓድሓደ ፍልልያት ክርኤ ጀሚሩ። ኣብተን ዝስዓባ ዓመታት ካብ ክልቲኡ ወገናት ዝፈላለ ነገራት ተቐላቒሉ እዚ ኸአ ክልቲኦም ዝውቀሱሉ እዩ። በዚ ምኽንያት ሰፊሕ ዝኾነ ማኅበር ምእመናን ርእሱ ካብ ሱታፌ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ተፈልየ። እዚ ኹሉ ምፍልላይ መበቆሉ ኣብቲ ሰብኣዊ ኃጢኣት እዩ። ኦሪጀን ዝተባህለ ሊቕ ከም ዝብሎ፡ " ኃጢኣት ኣብ ዘለዎ ምምቕቓል፥ ምፍንጫል መናፍቕነት ክትዓት ኣሎ። ፍቕሪ ኣብ ዘለዎ ግን ምስማዕን ሓድነትን ኣብ መንጎ ምእመናን ኣሎ" ይብል።

ብዝኾነ እቶም ኣብ ከምዚኣተን ዝበላ ካብ ፍልልይ ዝመጸ ማኅበራት ክርስትና ዝተወልዱን ኣብ ክርስቶስ ዝዓበዩን ኩሎም በዚ ናይ ፍልልይ ኃጢኣት ኪኽሰሱ ኣይክኣልን። ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ብኽብርን ፍቕርን ትጥምቶም።

ኣብተን ምስ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ሱታፌ ዘይብለን ብዙሕ ናይ ቅድስናን ሓቅታት ይርከብ እዩ። ኣብ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ፥ሕይወት ጸጋ፥ እምነት ተስፋ ፍቕሪ ምስቲ ካልእ ውሽጣዊ ህያባት መንፈስ ቅዱስ ካልእ ዝርኤ ነገራትን ኣብኤን ስለ ዝርከብ። ካብቲ ክርስቶስ ንካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ዝሃቦ ምልኣት ጸጋን ጽድቅን ኃይልን ረኺበን መደብ ድኅነት ንምፍጻም መንፈስ ክርስቶስ ከም መጋበሪ ዝጥቀማ ኣብያት ክርስትያናት ኣለዋ። ኩሉ በረኸት ካብ ክርስቶስ እዩ ዝርከብ።

## ናብ ሓድነት ገጻ፡

ክርስቶስ ካብ መጀመርያ ጀሚሩ ንቤተ ክርስትያኑ ሓድነት ሸሊምዋ እዩ። እዚ ሓድነት እዚ ከኣ ከም ሓደ ዘይጠፍእ ነገር ኣብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ህልው ኮይኑ ከም ዚርከብ ንኣምን። ክርስቶስ ኩሉ ጊዜ ንቤተ ክርስትያኑ ጸጋ ሓድነት ይዕድላ። ቤተ ክርስትያን ከኣ ኩሉ ጊዜ ነቲ ክርስቶስ ዝተመነየላ ሓድነት ምእንቲ ክትሕልዎን ክተደልድሎን ፍጹም እውን ምእንቲ ክትገብሮን ወትሩ ክትሰርሕን ክትጽልን ይግብኣ። ኢየሱስ ኣብቲ ሰዓታት ስቓያቱ ምእንቲ ቤተ ክርስትያን ምጽላይ ኣየቋረጸን። ኣብ ዮሓ 17፡21 ከም እንረኽቦ "ኲላቶም ሓደ ምእንቲ ክኾኑ ንስኻ ከም ዝልኣኽካኒ ዓለም ምእንቲ ክትኣምን ከምቲ ንስኻ ኣባይ ዘሎኻ ኣነ እውን ኣባኻ፥ ከምኡውን ንሳቶም ኣባና ሓደ ምእንቲ ኪኾኑ. . ." እናበለ ጸልዩ። ሓድነት ምስ ክርስቶስ ሃረር ምባል ህያባት ክርስቶስ እዩ፥ ናይ መንፈስ ቅዱስ መጸዋዕታ ከኣ እዩ። ነዚ ናይ ክርስቶስ ጸሎት ተግባራዊ ክንገብሮ ክማላእ ዘልኦ ነገራት ኣሎ፡

- ቤተ ክርስትያን ቀጻሊ ዝኾነ መደብ ምሕዳስ ክትገብር ኣልኣ።
- ናይ ልቢ ለውጢ፡ ምእመናን ብትምህርቲ ወንጌል ተመሪሖም ኣብ ቅድስና ክነብሩ። ፍልልይ ዝመጽእ ንህያባት ክርስቶስ ብተኣማንነት ስለ ዘይተቐበሉ እዩ።
- ብሓባር ምጽላይ፡ ናይ ልቢ ለውጥን ምሕዳስን ምእንቲ ሓድነት ብሓባርን ብግልን ምጽላይ።
- ሓድሕዳዊ ኣፍልጦን ሌላን ምምዕባል።
- ቤተ ክህነትን ምእመናን ብዛዕባ መንፈስ ሓድነት ፍሉይ ኩስኮሳ ምሃብ።
- ኣብ መንጎ መማህራን ሥነ መለኮት ዘተ፥ ምስ ካልኦት ኣብያተ ክርስትያንን ማኅበራትን ምእመናን ርክባትን ኣኼባታትን ምግባር።
- ኣብ መንጎ ክርስትያን ምትሕግጋዝ ምትሕብባር ከም ዝህሉ ምግባር።

## ለ. ቤተ ክርስትያን ቅድስቲ እያ።

ቤተ ክርስትያን ቅድስት እያ ክንብል ከሎና ኣብቲ መስራቲኣን ኣብቲ ንሳ ኣብ እትዕድሎ ቀዳሲ ጸጋ ንምእመናን ተመርኲስና ኢና። እዚ ኸኣ ንኹሎም ኣባላት መዓርጎም ብዘየገድስ ንኹሉ ክፉት እዩ። ንኹሎም ደቂ ሰብ ክፉት እዩ።
ቅድስና ቤተ ክርስትያን ኣብቲ ምስ መስራቲኣ ዘልኣ ርክብ እዩ ዝምስረት። ንሱ ምእንትኣ ሕይወቱ ኣሕሊፉ ሂቡ ስለዝሃበ ምስ ርእሱ ስለ ዘወሃሃዳን ብህያባት መንፈስ

ቅዱስ ስለ ዝሽለማን ቅድስት እያ። ቤተ ክርስትያን ዝተቐደሰ ህዝቢ እግዚአብሔር እያ። አባላታ ቅዱሳን ተባሂሎም ይጽውዑ።

ቤተ ክርስትያን አብዚ ምድሪ ፍጽምቲ አይኮነትን ግን በቲ ሓቀይና ቅድስና ተሽሊማ ዘላ እያ። አብ ቤተ ክርስትያን እዩ ምልኣት መንገዲ ድኅነት ተዓቂቡ ዚርከብ። አብኣ ኢና ብጸጋ አምላክ ቅድስና ክንጭብጥ እንኽእል። አባላታ አብ ጉዕዞ ቅድስና ስለ ዝርከቡ ኩሉ ጊዜ አብ ርክባቶም አብ ተግባራቶም ንቅድስና ዝጻረር ከይፍጽሙ ክጥንቀቑ ይግብኦም። ጸዋዕታ ክርስትያን ቅዱሳን ምዃን እዩ። አብ ቅድስና እተብጽሕ ከም አንጉዕ እትርኤ ፍቕሪ እያ። ፍቕሪ ንኹሉ መጋበርን መገድታትን አብ ቅድስና እትመርሕ እያ።

ቤተ ክርስትያን አብ ውሽጣ ኃጥኣን ኩሉ ጊዜ ስለ ዝርከቡ ወትሩ ናይ ምንጻሕ ግድነት አለዋ። ኩሎም አባላት ቤተክርስትያን አገልገልትን ልኡኻትን ከይተረፉ ኃጢአተኛታት ምዃኖም ክእመኑ ይግባእ። አብ ሕይወት ቤተ ክርስትያን ኩሉ ጊዜ ክሳብ መጨረሽታ ዓለም እቲ ናይ ኃጢአት ጻህያይ ምስቲ ጽቡቕ ናይ ወንጌል ስርናይ ተደባሊቑ ክሳብ መወዳእታ ዘመን ክጸንሕ ምዃኑ ርዱእ እዩ (827)።

ቤተ ክርስትያን ንገለ ካብ አባላት በቲ ዝነብርዎ ዝነበሩ ሕይወትን ምስ አምላኽ ዝነበሮም ርክብን ርእያ ቅዱሳን ኢላ ትእውጆም፥ እዞም ንኹሉ መንፈሳዊ ሓይሊ ብጅግንነት ስለ ዝፈጸሙ፥ ንጸጋ አምላኽ እሙናት ኮይኖም ከም ዝተረኽቡ ስለ ዝተረጋገጸ ቅድስንኦም ምእንቲ ንኻልኡት ከበራትዕ ትእውጅ። ንሳቶም አብ ቦታ ዓወት ስለ ዝርከቡ ምስ አምላኽ ስለ ዘለዉ ከማልዱልና አብነት ክኾኑና ይኽእሉ እዮም።

## ሐ. ቤተ ክርስትያን ካቶሊካዊት እያ፡

ካቶሊካዊት ዝብል ቃል "ኵላዊት" ማለት እዩ። አብኩሉ ብምልኣት እትርከብ ማለት የስምዕ። ቤተ ክርስትያን ካቶሊካዊት ኮይና እትርከቦ ብኽልተ ወገን እዩ፡

- **ክርስቶስ አብኣ ህልው ስለ ዝኾነ፥** ክርስቶስ አብ ዘለዎ ኹሉ አብኡ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን አላ (ቅ. እግናጽዮስ ዘአንጾኪያ)። ምስቲ ርእሲ ብምውህሃድ ናይ አካል ክርስቶስ ምልኣት አብኣ ይርከብ። ቤተ ክርስትያን ካብ ዕለት ጰንጠቆስጤ ጀሚራ ክሳብ ዳግማይ ምምጻእ ካቶሊካዊት እዩ። ማለት አብኣ ምስኣ ክርስቶስ ስለ ዘሎ ካብኡ ኩሉ ስለ እትቕበል እሞ በቲ ንሱ ዝሃባ ስለ እትምራሕ ኩሉ ጊዜ ካቶሊካዊት እያ (830)። ንሳ ንምእልኣት እምነት ትሰብኽ፥ አብ ውሽጣ ሒዛ ንኹሉ መጋበሪ ድኅነት ተመሓድር፥ ንኹሎም ደቂ ሰባት ትዛረብ። ንኹሉ ዘመናት አብ ውሽጣ ትሕዝ። ብባህሪኣ ምስንዮናዊት እያ (868)።
- **ብክርስቶስ አብ መላእ ዓሌትሰብ ስለ ዝተላእከት።** (ብር.አሕ. 13)። "ኩሎም ሰባት አባላት ሕዝበ እግዚአብሔር ክኾኑ ተጸዊያም እዮም (830~831)። እዚ አብ 868 ዘሎ ብሕጽር ዝበለ ክንረኽቦ ንኽእል።

***ነፍስወከፍ ሰበኻዊት ቤተክርስትያን ካቶሊካዊት እያ።***

ምእመናን ምስ መራሕቶም ብሥምረት ዝካየዱ አብኦም ቤተክርስትያን አላ። ሓደን ቀንድን ንቤተ ክርስትያን ቤተክርስትያን ዘብላ አብ መአዲ ቅ. ቍርባን ብሓደ ተአኪቦም ክጽልዩ ከለዉ አብኦም ቤተ ክርስትያን አላ።

ሰበኻ ወይ ኤጳርቅና ክብሃል እንከሎ ብሓዋርያዊ ትልወት ዝተሠይመ ጳጳስ እትምራሕ አብ እምነትን ምስጢራትን ብስሱታፌ ሠሚሮም ዝርከቡ እዮም። ምስታ ኩላዊት ቤተክርስትያን ሓድነትን ርክብን አለዎም። እታ ሓንትን ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን በዚኤን ማሕበራት ዝቖመት እያ። (833)

አበየ ቦትኡ ዘለዋ አብያተክርስትያናት ምስታ ሓንቲ ካብአተን ዝኾነት እሞ ብፍቕሪ እትመረሕ ቤተክርስትያን ሮሜ ምሉእ ሱታፌ ዘለወን እየን። ናይ ሮሜ ቤተክርስትያን ንኹለን አብያተ ክርስትያናት ቀንዲ መረሠት እያ እዚ ኸአ አብቲ ክርስቶስ ንቤተክርስትያኑ ዝበሎ ዝተመስረተ እዩ። እታ ኩላዊት ቤተ ክርስትያን ክንብል ከሎና ትቕሉል ድምር ኩለን አብያተ ክርስትያናት ማለት አይኮነን። ብመደብ አምላኽ ቤተ ክርስትያን ብጸዋዕትአ ኮነ ብተልእኮአ ዅላዊት እያ። በቲ ዘሎ ባህልን መግለጽታትን መልክዓትን ዝጓነፋ አብ ኩሉ ወገናት ዓለም ፍልልይ ክተርኢ ክኢላ። ዝተፈላለየ ሥርዓተ አምላኽን ስነመለኮታውን መንፈሳውን ሃብቲ በብናቱ ክዓቢ ክኢሉ እዚ ኸአ ናይዛ ዘይተመቓቕለት ቤተክርስትያን ካቶሊካዊት ዘንጸባርቕ መንነት ኮይኑ።

***ኣባል ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ዝኸውን መን እዩ።***

ኩሎም ሰባት ናብዚ ናይ ህዝበ እግዚአብሔር ሓድነት ጽዉዓት እዮም። መንፈስ ክርስቶስ ዝተቐበሉ፥ ብናይ ሃይማኖት ተአምኖን ምስጢራትን ብምምሕዳር ቤተክርስትያን ምስ ናይ ሮማ ጳጳስ ዝሓብሩ ብአቡናት ዝምርሑ ምሉእ አባልነት አልኦም። ሓደ ሰብ ምሉእ አባል ክብሃል አብ መደብ ፍቕሪ ተጊሁን ጸኒዑን ዝርከብ ክኸውን አለዎ (837።

ዝተጠምቁ ክርስትያን ግን ምስ ናይ ሮሜ ጳጳስ ሓድነት ሱታፌ ዘይብሎም ምስእዚአቶም እውን ቤተ ክርስትያን ዘተአሳስር መገዲ አልአ። እቶም አብ ክርስቶስ ዝአምኑ ብግቡእ ስርዓት ጥምቀት ዝተፈጸመሎምን ዅሎም ፍጹም ደአ አይኹን እምበር ብገለ ዓይነት ሱታፌ ምስ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን አልኦም።

***ቤተ ክርስትያንን ዘይክርስትያንን።***

ኩሎም ጌና ወንጌል ዘይተቐበሉ ምስ ህዝበ እግዚአብሔር ዝራኸቡሉ ብዙሕ መገዲ አሎ።

1. ***ርክብ ቤተክርስትያን ምስ ሕዝበ አይሁድ።*** ቤተርስትያን ምስ ሕዝቢ አይሁድ ምስቲ ንመጀመርያ ቃል አምላኽ ዝሰምዐ ሕዝቢ ብዙሕ ዘራኽብ ነገራት አለዋ። እምነት አይሁድ አብ ብሉይ ኪዳን ንአምላኽ ዝተዋህበ ግልጸት አምላኽ እዩ ዝምስረት። ክርስቶስ ብሥጋ ካብአቶም እዩ ዝተወልደ። ናይ ርድኢትን አተራጉማን እምነትን ፍልልይ ይሃሉ እምበር ሓባራዊ ዝኾነ ነገራት አብ ክልቲኡ ይርከብ።

2. ***ርክብ ቤተክርስትያን ምስ እስላም፡*** መደብ ድኅነት ነቶም ንፈጣሪ ዚፈልጡን ዚእመኑን ወገናትውን ዘጠቓልል እዩ። ካብዞም ብቀዳምነት ዚጥቀሱ ከአ እስላም እዮም። ንሳቶም እምነት ኣብርሃም ይኽቡሉ ኣብ ሓደ ኣምላኽ ይኣምኑ ከምኡ መወዳእታ ፍርዲ ይቅበሉ።

3. ***ቤተክርስትያን ምስ ቤተ ክርስትያን ዘይኮኑ ሃይማኖታት*** ዘራኽባ ሠንሰለት፡ ናይ እዚ መበቆል ናይ ዓለት ሰብ ሓባራዊ መበቆልን መወዳእታ ዕላማን እዩ። ሰባት ኩሎም ካብ ሓደ ምንጪ እግዚኣብሔር ካብ ዝፈጠሮ ዝመጹ እዮም (842)። ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ኣብ ካልኦት እምነታት ቀረባ ከንሱ ዘይፍለጥ ኣምልኾ ከምዘሎ ትቕበል። ኣብዘን ሃይማኖታት ዘሎ ሰናይ ነገር ንወንጌል ዘቀራርብ ዘሰናዱ ከምዝኾነ ትኣምን። ሰባት በቲ ዘለዎም ድኽመትን ዝኽተልዎን ነቲ ናይ ኣምላኽ ምስሊ ኣብኦም ዝርከብ ዘይናቱ መልክዕ ከልብስዎ ይርአዩ። ብቤተ ክርስትያኑ ገሩ ንጥፉኣት ደቂ ኣዳም ኣምላኽ ኣፍደገ ድኅነት ይከፍተሎም።

4. ***ካብ ቤተ ክርስትያን ወጻኢ ድኅነት የልቦን።*** እዚ ርድኢት እዚ ብአበው ቤተ ክርስትያን ብዙሕ ጊዜ ተዘሪቡ። እዚ ማለት ድኅነት ካብ ክርስቶስ ካብ ርእስታ ኣካሉ ዝኾነት ቤተክርስትያን ይመጽእ ማለት እዩ። ጉባኤ ቫቲካን ኣብ ቅዱስ መጽሓፍትን ኣብ ትውፊትን ተመስሪቱ እታ ኣብ ምድሪ ኣብ ንግደት ዘላ ቤተ ክርስትያን ንድኅነት ኣድላዪት እያ እናበለ የስተምህር። እቶም ቤተ ክርስትያን ንድኅነት ኣድላዪት ምዃና እናኣምኑ ዝነጽጉ ክድኅኑ ኣይክእሉን እዮም። እዚ ኣበሃህላ እዚ ግን ብናቶም ጌጋ ዘይኮነ ንኽርስቶስን ንቤተ ክርስትያኑን ክፈልጡ ንዘይክእሉ ዚርኢ ኣይኮነን (847)። እግዚኣብሔር ነቶም ብናቶም ጌጋ ዘይኮነ ወንጌል ክበጽሖም ዘይከአላ ንኣአቶም ዘድሕነሉ መገዲ ኣልኦ ግን ቤተክርስትያን ኩሉ ጊዜ ናይ ድኅነት ስብከታ ክትቕጽል ኣልኣ።

## ***ተልእኮ፡ ንናይ ቤተክርስትያን ካቶሊካውነት ኣድላዪ ድዩ።***

- **ተልእካዊ መዝነት፡** ቤተ ክርስትያን ናብ ኩሉ ዓለም ብእግዚኣብሔር እያ ተላኢኻ። በቲ ዝተዋህባ ሓላፍነት ኣብ ኩሉ ዓለም ንኹሎም ሰባት ወንጌል ትሰብኽ። እዚ ካብ መስራቲኣ ክርስቶስ ዝተዋህባ ሓላፍነት እዩ።

- ***መበቆልን ዓላምን ተልእኮ ወንጌል፡*** ናይ ኅይታና ትእዛዝ ተልእኮ ወንጌል ቀንዲ መሠረቱ ናይ ቅድስት ስላሴ ዘለዓለማዊ ፍቕሪ እዩ። ቤተ ክርስትያን ብባህሪኣ ልእኽቲ ወንጌል እያ፥ እዚ ማለት ከአ ሰባት ኣብቲ ናይ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ፍቕርን ኅብረትን ከምዝሳተፉ ምግባር እዩ (850)።

- ***ናይ ተልእኮ ወንጌል ምኽንያት፡*** ቤተ ክርስትያን ኣብ ዘመናት ኣብ ተልእኮኣ ንስብከተ ወንጌል ዝድርኽ ሓይሊ ካብቲ ንኹሎም ሰባት ዝተዋህበ ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ ዝመጽእ። ኩሉ ሰብ ንሓቂ ክፈልጥ ክድኅን ድላይ ኣምላኽ እዩ። ድኅነት ኣብ ሓቂ ዝተመስረተት እያ። እቶም ንሕሹኽታ መንፈስ ሓቂ ዚእዘዙ

ድሮ ኣብ ድኅነት ኣለዉ። ቤተክርስትያን ኣብ ኹሉ ሓቂ ክተብጽሕ ሓላፍነት ኣልኣ ስለዚ ወንጌል ክትሰብኽ ኣለዋ።

- **ናይ ተልእኮ ወንጌል መገድታት፡** *መንፈስ ቅዱስ ንናይ ቤተክርስትያን ተልእኮ ወንጌል ዜንቀሳቕስን እቲ ኣብኡ ብቐንዲ ዚሰርሕን እዩ። ንሱ ኣብኩሉ ናይ ተልእኮ ወንጌል መንገድታት ይመርሓ። ቤተክርስትያን በቲ ክርስቶስ ዝተጓዕዞ ክትጉዓዝ ክሳብ ኣብ ትንሣኤ ዘብጽሕ ሞት እውን ክትክተል ግድድቲ እያ* (852)*። ኣብ ጉዕዝኣ ቤተክርስትያን ኣብ መንጎ ንሳ እትሰብኮ ወንጌልን ኣብ ናይ ደቂ ሰባት ድኽመትን ኩሉ ጊዜ ክርኤ ግድነት እዩ። ቤት ክርስትያን ንወንጌል ኣብ ደቂ ሰባት ክተብጽሖ ከምቲ ክርስቶስ ንስራሕ ድኅነት ብድኽነትን ብሥቓያትን ዝፈጸሞ ከምኡ ክትክተል ግዲ እዩ። በቲ ፍሉይ ተልኮኣ ቤተ ክርስትያን ምስ ደቂ ኣዳም ሓደ ዓይነት ምድራዊ ጉዕዞ፥ ኣብ ሓደ ምድራዊ ዕጫን ዕድልን ትሳተፍ። መባኸዕቲ  ኣብ መንጎ ሕብረተሰብ ኮይና ትንፋስን ሕይወትን ትዘርእ። ተልእኮ ወንጌል ትዕግስቲ ዝሓትት እዩ። ትምህርተ ወንጌል ኣብ ደቂ ሰባት ክሰርጽ እንተ ኾይኑ ሕንጸተሰባውን ባህላውን ምውህሃድ ኪፍጸም ኣለዎ።*

## *መ. ቤተክርስትያን ሓዋርያዊት እያ።*

ቤተ ክርስትያን ብሰለስተ ምኽንያት ኣብ ሓዋርያት ስለ ዝተመስረተ ሓዋርያዊት እያ።

1. *ኣብ መሠረት ሓዋርያት ዝተሓንጸት ወትሩ ከኣ ኣብኡ እትነብር እያ። እዚኣቶም ክርስቶስ ባዕሉ ዝሓረዮምን መሰኻኽሩ ኪኾኑን ኪልኣኹን ዝመደቦም ብጸጋ ክህነት ዝቐብኦም እዮም።*
2. *በቲ ኣብኣ ዝሓደረ መንፈስ ቅዱስን ተሓጊዛ ቤተክርስትያን ነቲ ትምህርትን ንሠናይ መዝገብን እምነትን ነቲ ካብ ሓዋርያት ዝሰምዓቶ ድኅነታዊ ቃላትን ኩሉ ትሕልውን ናብ ካልኦት ተመሓላልፎን።*
3. *ክሳብ ናይ ክርስቶስ ዳግማይ ምጽኣቱ ብሓዋርያትን ኣብ ሓዋርያዊ ስራሕ ብዝተክኡዎምን ተመሪሓ፥ ቀጺላ ክትመሃርን ክትቅደስን ትርከብ። ናይ ቤተ ክርስትያን ዝለዓለ ስልጣን ዘለዎ ኣብ መንበር ጴጥሮስ ዘለዉ ወራሲ ናይ ሮማ ጳጳስ ምስ ሕብረት ኣቡናት ብካህናት ተሓጊዞም እዮም* (857)*።*

### *ተልእኮ ሓዋርያት፡*

*ኢየሱስ ናይ ኣብኡ መልእኽተይና እዩ። ካብ ምጀማር ስብከቱ ነቶም ዝደልዮም ጸውዖም. . . . ምስኡ ምእንቲ ኪኾኑ ኪሰብኩን ምእንቲ ክልእኮምን* 12 *ሓዋርያት ሾመ። ካብኡ ጀሚሮም ድማ ናቱ መልእኽተይናታት ኮኑ። ኣብኣቶም ክርስቶስ ተልእክኡ ይቕጽል። እቲ ንኣኹም ዝቕበል ንኣይ ይቕበል እናበለ ምስኡ ዘልኦም ርክብን ሓላፍነቶምን ገሊጽሎም።*

*ኢየሱስ እምብኣር ንሓዋርያቱ ኣብቲ ካብ ኣብኡ ዝተቐበሎ ተልእኮ ይጽንብሮም። ከምቲ ወልድ ብዘይካ ልኣኺኡ ኣብኡ ሓንቲ ዘይገብር ከምኡ ኸኣ እቶም ኢየሱስ ዝልኣኾም እውን ብዘይካ ወልድ ሓንቲ ክገብሩ ኣይክእሉን ኢዮም* (ዮሓ 15:5)*።*

ሓዋርያት ልኡኻት ክርስቶስ ምኻኖም፥ ኣገልገልቲ ኣምላኽ ምኻኖም፥ መገብቲ ሠራዕቲ ምስጢራት ኣምላኽ ምኻኖም ይፈልጡ እዮም።

ኣብ ናይ ሓዋርያት ሥልጣን ናብ ካልእ ክትመሓላለፍ ዘይትኽእል ሓንቲ ወገን ኣላ ንሳ ኸአ ናይ ትንሣኤ ጎይታ ምሩጻት መሰኻኽር በዚ ምኽንያት ከአ እምነ መሰርት ምኻን እዩ። ክርስቶስ ኩሉ ጊዜ ምስኦም ስለ ዘሎ ስልጣኖም ነባሪ እዩ። እቲ መለኮታዊ ተልእኮ ኩሉ ጊዜ ክሳብ መወዳእታ ዘመን ቀጻሊ እዩ።

ኣብዚ ምስትውዓል ዘድልዮ ክርስቶስ ዘይርኤ ርእሲ ቤተ ክርስትያን እዩ፥ ናይ ጴጥሮስ ተካኢ ኣብ መንበረ ሮሜ ዝቕመጥ ክአ ዝርኤ ርእሲ ቤተክርስትያን ኣብ ትሕቲ ክርስቶስ ኮይኑ ነታ ኣብዚ ዓለም እትርከብ ቤተ ክርስትያን ከመሓድር ሓላፍነት ዝተዋህቦ እዩ። እዚ ኩሉ ኣብቲ ክርስቶስ ንጴጥሮስ ዝበሎ እዩ ዝምስረት ( ማቴ 16፡18። ድኅሪ ትንሣኤ ንኣባግዑ ክምግብ ሓደራ ኢልዎ ( ዮሓ 21፡15~17)። ነቲ ኣብ መንጎ ኣሕዋት ዘሎ እምነት ከምዘደልድሎ ተስፋ ሂብዎም እዩ (ሉቃ 22፡32)። ድሕሪ ዕርገት ጴጥሮስ ሓላፍነቱ ከም ርእሲ ቤተክርስትያን ኮይኑ ክመርሕ ጀሚሩ፥ ናይ መጀመርያ ስብከትን ተኣምራትን ዝገበረ ንሱ እዩ። ድሕሪ ሞት ጴጥሮስ ናይ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ሓላፍነት ኣብ ተካእቱ ሓሊፉ እዚ ክሳብ መወዳእታ ዓለም ዝቕጽል እዩ። ኩሎም ተካእቲ ሓዋርያት ምስ ናይ ሮማ ጳጳስ ሓድነት ክህልዎም ይግባእ፥ ካብኡ ክፍለዩ እንከለዉ ብቕዑዕ ጵጵስና ክህልዎም ይኽእል ይኸውን ግን ኣብቲ ፍሉይ ሥልጣን ተካኢ ጴጥሮስ ሱታፌ የብሎምን በዚ ኸአ ናይ እቲ ኢየሱስ ዘተስፈዎ ጩራ ብርሃን የብሎምን ንህዝቢ ከምህሩ ከምኡ ንህዝቢ ክእዝዙ መሰል የብሎምን ምስ ናይ ጴጥሮስ እንተ ዘይተወሃሃዱ። ኣቡናት ንቤተክርስትያን ክመርሑ ብኣምላኽ ዝተሓርዩ እዮም። ነዚ ብክልተ መገዲ ይገብርዎ መጀመርያ በቲ ብርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ዝተዋህቦም ሓላፍነት ናይ ሓንቲ ሰበኻ፥ ከምኡ ብኣማላኽ ዝተዋህቦም ተልእኮ። ኣብቲ ናይ ሓባራዊት ቤተ ክርስትያን ተልእኮ እውን ይሳተፉ ንርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ምኽሪ ብምሃብን ከምኡ ነሕዋቶም ኣቡናት ብምሕጋዝን ኣብ ጉባኤታትን ሲኖዶሳትን ምስ ኣቡናት ክራኸቡ ከለዉ። ኩሉ ጊዜ ውሳኔታቶም ብርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ክጽድቕ ኣለዎ።

## *ጳጳሳት ተካእቲ ሓዋርያት እዮም።*

ኣቡናት ናይ ሓዋርያት ወረስቲ ኮይኖም ነቲ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተዋህቦም ተልእኮ ሓዋርያት ቀጸልቱ እዮም። ንሳቶም ንእምነት ሓዋርያት ክሕልዉን ክሓልዩን ብመንፈስ ቅዱስ ተሓርዮም። ኣቡናት ተካእቶም ማለት ነቲ ዝለበስዎ ናብ ካልኦት የምሓላልፍዎ ከምዚ ኢሉ ኸአ ተልእኮ ቤተ ክርስትያን ብዘይ ሓደ ምቁራጽ ኣብዚ እዋና በጺሑ ኣሎ (861)።

## *ሓዋርያነት፡*

ቤተክርስትያን ብምልእታ ሓዋርያዊርት እያ፥ ብናይ ጵጥሮስ ተካኢን በቶም ካልኦት ሓዋርያትን ኣብ እምነትን ምስ ናይ መበቆላ ሕይወት ብምሕባር ኣብ መላእ ዓለም ትልኣኽ። ኩሎም ኣባላት ቤተክርስትያን ኣብዚ ተልእኮ ብዝተፈላለየ መገዲ ይሳተፉ።

ጸዋዕታ ክርስትያን ብባሕሪኡ ጸዋዕታ ሓዋርያውነት እዩ። ኩሉ ናይ እታ ምስጢራዊት አካል ምንቅስቓሳት ሓዋርያነት ይብሃል።

ምንጪ ናይ ኩሉ ናይ ቤተ ክርስትያን ሓዋርያነት ክርስቶስ እዩ። ምእንትዚ ናይ ካህናት መዓርግ ይኹን ናይ ምእመናን ሓዋርያነት ፈራዩነቱ ምስ ክርስቶስ አብ ዘለዎም ሕያውን መሕየውን ሓድነት እዩ ዝምስረት። በብዘለዎም ዝተፈላለየ ህያባት መንፈስ ቅዱስ ከአ ሓዋርያነት ዝተፈላለየ መልክዕ ሒዙ ይርከብ። ፍቕሪ እታ ካብ ቅዱስ ቍርባን እትፍልፍል ናይ ኩሉ ሓውርያነት ሕይወት እያ (864)።

ቤተክርስትያን ልዕሊ ኹሉ ሓንቲ ቅድስቲ ካቶሊካዊት ሓዋርያዊት እያ፥ምኽንያቱ አብኣ ኩሉ ተፍጻሜት ስለ ዝርከብ፥ በቲ ዓሚቑን ጥልቅን ዝኾነ መሰረታን መንነታን። መንግስቲ እግዚአብሔር ብክርስቶስ እዩ ተገሊጹ፥ አብቲ ናይ መወዳእታ ፍጻሜ ዘመን ብምልኣት ክሳብ ዚግለጽ ድማ አብ ልቢቶም ምስኡ ዝተወሃሃዱ ወትሩ ብምስጢራዊ መንገዲ ክዓቢ ይርከብ። አብ መወዳእታ ቤተክርስትያን ክብሪ አምላኽ ሒዛ ክትእከብ እያ።

## *መደምደምታ*

ቤተክርስትያን መስራቲኣ ባዕሉ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ንሱ 12 ሓዋርያት መራሕቲ ገሩ አብዚ ዓለም ንሱ ብመንፈሱ ምስኦም ከምዘሎ እና አረጋገጸ ክመርሕዋ ከምሓድርዋ ሓላፍነት ሂቡ መስሪትዋ። ሓዋርያት ብቅዱስ ጴጥሮስ ተማእኪሎም ብመዓልቲ ጰራቅሎጦስ ብስብከትን ተአምራታትን ጀሚሮማ። ተራ ጴጥሮስ አብ መንጎ ሓዋርያት ዓቢ ከምዝነበረ ወንጌልን ግብረ ሓዋርያት አነጺሩ ይነግረና። እዛ አብ ጉዕዞ እትርከብ ቤተ ክርስትያን አርባዕተ ምልክታት አለውዋ ንሳቶም ከአ ሓንቲ ቅድስቲ ካቶሊካዊት ሓዋርያዊት ቤተክርስትያን። ሓንቲ እያ አብ ሓደ ጎይታ ትአምን፥ ሓንቲ ጥምቀት ትቕበል፥ ካብ ሓንቲ ጥምቀት ትውለድ፥ ሓደ አካል ተቕውም ምእንትእታ ሓንቲ ተስፋ ካብቲ ሓደ መንፈስ ሕይወት ትቕበል (ኤፌ. 4፡3~5)። ቅድስት እያ። ዋንአ እቲ ናይ ቅዱሳን ቅዱስ ዝኾነ እግዚአብሔር እዩ። ክርስቶስ ምእንትአ ስለ ዝሞተ ቀዲስዋ። ካቶሊካዊት እያ። ንሳ ነቲ ምልአት እምነት ትእውጅ፥ ነቲ መጋበሪ ምልአት አብአ ትጾሮን ካልእ ድማ ትሠርዖ ንሳ ናብ ኩሎም ሕዝብታት ዝተላእከት እያ። ሓዋርያዊት እያ። አብቲ ነባሪ መሰረት አብቶም 12 ሓዋርያት ገንሸል ዝተሓንጸት እያ። ንሳ ክትጠፍእ ዘይትኽእል እያ። ዘይትጋገ ኮይና አብ ሓቂ ከምእጸንዕ ዝተገብረት እያ። እዞም አርባዕተ ምልክታት ሓቅነትን እንታይነትን ቤተ ክርስትያን ዝገልጹ እዮም። እዚኦም ከአ አብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ይርከቡ።

**አባ ንጉሠ ፍሥሓ**